The
CENTER for
VICTIMS of
TORTURE

# ንግዳያት ግፍዒ ኣብ 26 ሰነ ክብሪ ምሃብ

ብሶንያ ፉና ኤቨለን ፕሪዝድንትን ዋና ኣካያዲት ስራሕን
ማእከል ግዳያት ግፍዒ(ሲቪቲ)
26 ሰነ 2026

ኣብ ሲቪቲ፣ሕድሕድ ዓመት ነቲ ናይ ሕቡራት ሃገራት ዓለም ለኻዊ መዓልቲ ምድጋፍ ንግዳያት ግፍዒ፣26 ሰነ ነኽብር ኢና።ግዜ ሂብና ንግዳያት ኣፍልጦ ንህብን ምስ ኩሎም ኣብ መላእ ዓለም ዘለዉ ግዳያት ከምኡ እውን ምስ ስድራ ቤቶምን ማሕበረሰቦምን ዘለና ምትሕግጋዝ ንገልፅ።

ሓፈሻዊ ጉባኤ ሕቡራት ሃገራት፣ኣብ 1998 ን 26 ሰነ ግፍዒ ኣብ ልዕሊ ሰብኣውነት ዝፍፀም ገበን ብምዃኑ፣ብመሰረት ዓለም ለኻዊ ህጊ ድማ ዝተኸልከለ ምዃኑ ንምእማን ዝዓለመላ መዓልቲ ገይሩ ሰይምዋ።ማሕበረሰብ ዓለም ግፍዒ ንዘልኣለም ንምውጋድ ጥራይ ዘይኮነስ ነቶም በዚ ገበን እዙይ ህይወቶም ኣዝዩ ዝተፀለወ ንምድጋፍ እውን ደጊሞም ቃል ክኣትዉ ዘለዎም መዓልቲ እያ።

ዋላ እኳ 2026 ኣብ ሲቪቲ  ናይ መጀመርታ ዓመተይ እንተኾነ  ግፍዒ ምጥቃም ብዛዕባ ዘስዕቦ ዕንወት ግን ሓዳሽ ኣይኮንኩን እየ።ኣብቲ ኣብ ዓለምለኻዊ ልምዓትን ስብኣዊ ምላሽ ምሃብን ዝሰራሕኹሎም ልዕሊ ክልተ ዓሰርተታት ዓመታት፣ምስ ማእለያ ዘይብሎም ግዳያትን ብዛዕባ እቲ ብግፍዒን ስግኣት/ፍርሒ ግፍዒን ዝተፈራርሑን ሱቕ ክብሉ ዝተገበሩን ኣባላት ስድራቤቶምን እውን ሰሪሐ እየ።ብዛዕባ እቲ ሰበስልጣናትን መንግስታትን – እቶም ኣብ ስልጣን ዘለዉ – ኣብ መዓልታዊ ህይወቶም ፅልዋ ዘሕድርሎምዝነበሩ ኣገባባት፣ማለት እውን መነባብሮኦም ናይ ምምራሕ፣ደቆም ናይ ምእላይ፣ትምህርቲ ናይ ምርካብ፣መፅለሊን ምግብን ናይ ምርካብ ዓቕሞም ንክዛረቡ እውን ዉሑስነት ከምዘይስምዖም ነጊሮምኒ እዮም።ግፍዒ ንውልቀ ሰባት ጥራይ ዘይኮነስ ንማሕበረሰባት እውን እዩ ዝቆፃፀር።

ስለዚ 26 ሰነ ኣብ 2026 ኣብ እንዝክረሉ ዘለና እዋን፣ብዛዕባ እቲ ግፍዒ ኣብ መላእ ዓለም ክሳብ ሎሚ ይፍፀም ከም ዘሎ ዝገልፅ ተስፋ ዘቑርፅ ሓቂ ነንፀባርቕ።ብርግፅ፣ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ሲቪቲ ኣብ 68 ዝተፈላለያ ሃገራት ንዝነበሩ ግፍዒ ንዝወረዶም ግዳያት ዝገብሮ ክንክን ኣስፊሑ እዩ።ይኹን እምበር፣እቶም ግዳያትን ስድራቤቶምን መዓልታዊ ንዘኣይዎ ዘይተለመደ ትብዓት እውን ነንፀባርቕ።እቶም ብማዕፆታትና ኣቢሎም ዝሓልፉ ሰባት ኣብ ቅድሚ እቲ ግልፂን ኮነ ኢልካ ዝተፈፀመን ጭካነ ኮይኖም እውን ህይወቶም ናብ ንቡር ንምምላስን ዳግማይ ንምህናፅን ስጉምቲታት ወሲዶም እዮም።

ሎሚ ዓመት እውን ኣብ ዘፈራት ሰብኣዊን ሰብኣዊ መሰላትን ንዘጋጠሙና ዓበይቲ ብድሆታት/ፀገማት ኣፍልጦ ክንህቦም ይግባእ።እቲ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ንመብዛሕትኡ ስራሕና ክዓኑ ዝገበረ ብመንግስቲ ኣመሪካ ዝተገብረ ናይ ወፃኢ ሓገዝ ምቁራፅ፣ብተወሳኺ ካልኦት ዓለምለኻውያን መወልቲ/ሓገዝቲ እውን ደገፎም ብምቁራፆም ምኽንያት ተጋዲዱ እዩ።እዞም ምቁራፃት ድማ ህይወት ሰባት ክጠፍእ ገይሮም እዮም።ብተወሳኺ እውን ዓመፅ ዝመልኦ ግጭት፣ምልካውነትን ኢሰብኣውነትን ኣብ መላእ ዓለም ብዘይ ቁፅፅር ይቕፅል ኣሎ እዩ።ሕቡራት ሃገራት ኣስታት 118 ሚሊዮን ሰባት ብሓይሊ ከምዝተመዛበሉን መብዛሕትኦም ድማ ብሰንኪ ጨፍጫፍን/በደልን ዓመፅ ዝመልኦ ግጭትን ምዃኑ ፀብፂቡ እዩ፣ብዙሓት ካብኣቶም እውን ኣብ ሲቪቲ ግፍዒ ከምዝተፃወሩ ንፈልጥ ኢና።ሎማዓንቲ ንግዳያት ግፍዒ ኣብ እነኽብረሉ ዘለና ግዜ፣ንዓለምለኻዊ ሰብኣዊ መሰላት ንምድጋፍ እውን ቃል ንኣቱ።

ከበድቲ መዓልታት የጋጥሙና እዮም፣ይኹን እምበር ካብቶም ሕውየትን ፍትሒን ዝደልዩ ኣሽሓት ግዳያት ሰባት ግን ምትብባዕ ንወስድ ኢና።ኣብዚ ዓለምለኻዊ  ምድጋፍ ንግዳያት ግፍዒ፣ንኩሎም ጉዱኣት፣ግዳያትን ስድራቤቶምን ንኽብር፣ምስ ኩሎም ምእንቲ ፍትሒ ክዛረቡ ዝደፍሩ፣ ተጊሆም ዝፅዕሩን ተስፋ ዝረኸቡን ድማ ደው ንብል።